**Bibliothèques Municipales**
*une fenêtre sur le monde*

traduction tigrigna - version 1 - 2019

# ናብ መርበብ ናይ ኣብያተ-ንባብ ምምሕዳር ከተማ ጀኔቫ (ኤም.ኤል.) እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

ንዓኹም ድዩስ ንደቅኹም ዝኸውን መጽሓፍ፡ ሲ.ዲ. ወይ ዲ.ቪ.ዲ. ዶ ተናድዩ ኣለኹም? ምቹእ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኴንኩም፡ መርበብ ሓበሬታ ወይ ናይ ኢ-መይል መልእኽትታትኩም ዶ ክትፍትሹ ደሊኹም ኣለኹም? ደስ ዝብለኩም ጋዜጣ እናኣንበብኩም ቡን ከተስተማቕሩ ትደልዩ ዶ? ኣብያተ-ንባብና ንዓኹም ኣገልግሎት ኪህባ ድሉዋት እየን፤ ኣገልግሎተን ድማ ናጻ እዩ። ንሳተን ልዕሊ 500,000 መጻሕፍትን ሰነዳትን፤ ከምኡ'ውን 80,000 ሲ.ዲ.ታትን 50,000 ዲ.ቪ.ዲ.ታትን ኣለውወን። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት፡ ማለት እንተላይ ብእንግሊዝኛ፡ ቋንቋ ጀርመን፡ ቋንቋ ራሻ፡ ዓረብኛ፡ ስፓኒሽ፡ ቋንቋ ኢጣልያ፡ ቋንቋ ፖርቱጋልን ቋንቋ ኣልባንያን ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ፡ ማጋዚናት፡ ዲ.ቪ.ዲ.ታት፡ ጋዜጣታት ወዘተ ኣብ'ዚ ይርከቡ። ሰራሕተኛታት ቤት-ንባብ ሓንጎፉይ ኢሎም ተቐቢሎም ኣብ ምፍታሽ ናይ'ቶም እትደልይዎም ነገራት ክተሓባበሩኹም እዮም። ኣብ'ዞም ህዝባውያን ኣብያተ-ንባብ ተጠቀምቲ ንኽትኮኑ ናጽነት ይሰማዕኩም። ብዘይ ምድንጓይ መጺእኩም ብጽሑና!

**ሳሚ ካንኣን**
ኣብ ቤት-ምኽሪ ከተማ ሓላፊ
ክፍሊ ባህልን ስፖርትን

## ብዛዕባ መርበብ ኤም.ኤል.

መርበብ ኤም.ኤል. 7 ኣብያተ-ንባብን ኣገልግሎት ኣውቶቡስ ናይ ላይብረሪን ዘጠቓልል እዩ። ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣኽሉ ሰባት ኰነ ንህጻናት ድማ፡ ንኹሎም ጉዳያት ከምኡ'ውን ንኹሎም ዓይነት ሚድያ ብዝምልከት፡ ምኽሪ ንኽረኽቡን ሰነዳት ንኽልቅሑን ቦታ ይህብ፤ ማለት ብሓበሬታ፡ ትምህርቲ፡ ባህልን ምዝንጋዕን ዝመጸ። ኤም.ኤላት ዳርጋ ኣብ ኩላተን ከባቢታት ምምሕዳር ከተማ ዝተዘርግሓ እየን።



## ተጠቀምቲ መርበብ ኤም.ኤል. እትኾኑሉ ኣገባብ ከመይ ይመስል[1]?

ተጠቃምነት ናይ ትሕዝቶ ኰነ ኣገልግሎት መርበብ ኤም.ኤል. ብናጻ እዩ። ንኹላቶም ሰነዳት ናይ ኤም.ኤል. እውን ብናጻ ክትልቅሕዎም ትኽእሉ ኢኹም። ይኹን እምበር ኣብ'ዚ መስርሕ እዚ ምዝገባን መለለዪ ወረቐት ምርኣይን ግዴታዊ እዩ። ምዝገባ ናይ'ቶም ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ተጠቀምቲ፡ ከም ቅድመ-ኵነት፡ ፍቓድ (ክታም) ናይ ወለዶም ወይ ሕጋዊ ወኪልቶም ይሓትት። ድሕሪ እዚ፡ ካርድ ናይ ተለቃሒ፡ ኣድራሻ ናይ ገዛኹም ብዝተጻሕፎ ፖስታ ይለኣኸልኩም። ምዝገባ ንነበርቲ ናይ ዞባ ጀኔቫ ወይ ንነበርቲ ናይ'ተን ምስ ምምሕዳር ከተማ ጀኔቫ[2] ውዕል ጽምዶ ዝፈረማ ከተማታት ዝተሓዝአ እዩ። ዝርዝራዊ ሓበሬታ (ኣድራሻ፡ ዝኽፈተሉ ሰዓት፡ ተሌፎን) ኣብ ሰነድ "እዋን ምኽፋት" ከምኡ'ውን ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ኤም.ኤል. **www.bm-geneve.ch** ሰፈሮም ኣለዉ።

## ኤም.ኤላት ዘውንናኦም ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለዉ ትሕዝቶታት ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም?

**ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣኸሉ፡-**

- ***ልቢ-ወለዳዊ ዛንታ ዝሓዙ መጻሕቲ፡-*** ብእንግሊዝኛ፡ ቋንቋ ጀርመን፡ ስፓኒሽ፡ ቋንቋ ኢጣልያ፡ ቋንቋ ፖርቱጋል
- ***ጋዜጣ መሰልቲ፡-*** እንግሊዝኛ፡ ቋንቋ ጀርመን፡ ቋንቋ ራሻ[3]፡ ዓረብኛ[3]፡ ስፓኒሽ፡ ቋንቋ ኢጣልያ፡ ቋንቋ ፖርቱጋል
- ***ዲጂታዊ ሚድያ፡-*** ንልዕሊ 100 ሃገራት ዝምልከቱ ልዕሊ 7,000 ዝቐጽሮም ኣርእስትታት ናይ ቋንቋታት ወጻኢ
- ***ብድምጺ ዝተሰነዱ መጻሕፍቲ[3]፡-*** ብእንግሊዝኛን ቋንቋ ጀርመንን
- ***ኤሌክትሮኒካውያን መጻሕፍቲ፡-*** ብእንግሊዝኛ

***ንህጻናትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን፡-***

- ***መጻሕፍቲ፡-*** ብእንግሊዝኛ፡ ቋንቋ ጀርመን፡ ቋንቋ ራሻ፡ ዓረብኛ፡ ስፓኒሽ፡ ቋንቋ ኢጣልያ፡ ቋንቋ ፖርቱጋልን ቋንቋ ኣልባንያን

ኤም.ኤላት ንቛንቋታት ወጻኢን ቋንቋ ፈረንሳን ዝምለከቱ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት እውን የሰላስል እዩ።

## ትሕዝቶታት ናይ ኤም.ኤላት ከመይ ዝኣመሰሉ ነገራት ዘጠቓለሉ እዮም?

እዘን ኣብያተ-ንባብ ዘለቅሓኦም ንነፍሲወከፍ ደረጃ ዕድመ ዝኾኑ ትሕዝቶታት፡-

- ሰነዳዊ ፊልምታት (ዶክዩመንታሪታት)
- ልቢ-ወለዳዊ ዛንታ ዝሓዙ መጻሕፍቲ
- መስሓቓት
- ኣልቡማት
- ማጋዚናትን መዓልታዊ ዝሕተሙ ጋዜጣታትን
- ብፍሩይ ጽሑፍ ዝተሓትሙ ልቢ-ወለዳዊ ዛንታ ዝሓዙ መጻሕፍቲ
- ሙዚቃዊ ትሕዝቶታት
- ናይ ማልቲሚድያ ትሕዝቶታት (ፈጠራዊ ፊልምታት፡ ሰነዳዊ ፊልምታት፡ ብድምጺ ዝተቐርጹ መጻሕፍቲ፡ ፕሮግራማት ትምህርቲ ቋንቋ)
- ሲጂታዊ ትሕዝቶታት (ኤሌክትሮኒካውያን መጻሕፍቲ፡ ማጋዚናትን መዓልታዊ ዝሕተሙ ጋዜጣታትን፡ ሰነዳት 'ባዕልኻ ተማሃር'፡ ብነቑጣ መርበብ ሓበሬታ መልክዕ ዝተሰርዑ ሙዚቃታት)

## ኤም.ኤላት ዝህባኦም ዝህባኦም ኣገልግሎታት ከመይ ይመስሉ?

ኤም.ኤላት ንዕዮ፡ ንባብ፡ ምስማዕን ተጠቃምነት ዋይፋይን ዝኾኑ ቦታታት ኣለውወን።
ከምኡ'ውን ነተን ብመገዲ ኢንተርነት ዝነጥፉ መደበራት ዕዮ፡ ኣቐዲምኩም ብምምዝጋብ፡ ብቐጥታ ብመገዲ ተሌፎን ን45 ክትጥቀሙለን ትኽእሉ ኢኹም። ንካታሎግ ናይ'ተን ኤም.ኤላት ብቐጥታ ብመገዲ መርበብ-ሓበሬታ ንምፍታሽ ዘገልግላመደበራት ዕዮ እውን ኣለዋ። ዝተፈላለዩ ብዘይ ክፍሊት ዝሰላሰሉ ህዝባውያን ተበግሶታትን ናይ ስልጠና ዎርክሾፓትን፡ ኣብ መላእ ዓመት ንኹሉ ህዝቢ ይወሃቡ፡- ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንፕሮግራም ኤም.ኤል. ወይ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ተኻታተሉ! ቴማዊ ኣደላልያ ሰነዳት ንኽትጥቀሙ ተባሂሉ፡ ትሕዝቶታት ቢብሊዮግራፊ፡ ዲስኮግራፊ፡ ከምኡ'ውን ብሎጋት (blog-bmgeneve.ch) ኣለዉ። እቲ ብቐጥታ ኣብ ነቑጣ መርበብ ዝርከብ ካታሎግ https://collectionsbmu.ville-ge.chተጠቀምቲ ናይ ኩላቶም ትሕዝቶታት ኤም.ኤል.ከምኡ'ውን ተጠቀምቲ ኣማራጺ "ናተይ ቦታ" ንምኺን የኽእለኩም። እዚ ድማ መስርሕ ልቓሕ ብርሑቕ ባዕልኹም ንኽትፍጽምዎ ባይታ ይህብ። እቲ ንዓኹም ዝምልከት ካርድ ናይ ተለቃሒ ኣብ ኢድኩም ምስበጽሐ፡ ኮድ ተጠቃምነት ኪወሃበኩም እዩ።

ኩላቶም ኣብ ትሕቲ መርበብ ኤም.ኤል. ዝሕቖፉ ሞያውያን ሰራሕተኛታት ሕቶታትኩም ንምምላስ ኰነ ኣብ ዕዮ መጽናዕትኹም ንኽሕግዙኹም ድሉዋት እዮም።

[1] ንመስርሕ ምዝገባን ልቓሕን ዝምልከቱ ስምምዓትን ቅድመ-ኵነታትን፡ ብዝርዝራዊ መልክዕ ኣብ ናይ ኤም.ኤል. ሰነድ ፖሊሲ ተጠቃሚ ሰፈሮም ኣለዉ።
[2] Nyon, Ambilly, Annemasse, Collines du Léman, Divonne-les-Bains, Evian, Gex, Lucinges, Saint-Genis-Pouilly, Thonon-les-Bains, Saint-Cergues (FR) Saint-Julien-en-Genevois, Veigy-Foncenex, Ville-la-Grand, Bellegarde
[3] ኣብ Bibliothèque de la Cité ጥራይ ይርከብ።